## ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሕጂውን ናይቲ ኣሚኑ ዝለኣኾም ህዝቢ ሓደራ ክፍጽሙ ድሉዋት ምዃኖም ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

------------0-----------

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሕጂውን ናይቲ ኣሚኑ ዝለኣኾም ህዝቢ ሓደራ ክፍጽሙ ድሉዋት ምዃኖም ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ነዚ ዘረጋገጹ ኣብቲ ኣባላት ካልኣይ ብርጌድ ናይ ክፍለ-ሰራዊት 31 ንተቐማጦ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስመራ
ዓዲሙ ኣብ ቅነ ሓየላ ብ8 ሓምለ ኣብ ዝገበርዎ ናይ ምዝንጋዕ መደብ እዩ።

ኣብ ኣጋጣሚ ኣዛዚ ናይቲ ብርጌድ፤ ሌተና ኮለኔል ብርሃነ ደበሳይ፣ “ነዚ ዕድመ ምግባርና ምስቲ ንወራር ወያነ ከነፍሽል ዕጥቅን ስንቅን ዝኾነና ህዝብና ሓቢርና ንኽንዘናጋዕ እዩ፣” ድሕሪ ምባል ኤርትራውያን ኣብ ጽንኩር ግዜ ምት። እዚ ባህሊ እዚ ንውሉድ ወለዶ እንዳተሰጋገረ ክነብር ኩሉ ዜጋ ተርኡ ክጻወት ድማ ኣዘኻኺሩ።

ነቶም ካብ ኣስመራ ዝኸዱ ተቐማጦ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ወኪሉ ኣመሓዳሪ ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ወልደሚካኤል ሰለሙን ብወገኑ፣ ኣብ ግዜ ወራራት ወያነ ህዝቢ እቲ ንኡስ ዞባ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተፈላለየ ወፈያታትን ሓገዛትን ከምዝገበረ ብምጥቃስ፣ ሕጅውን ኣብ ጎኖም ደው ኢሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓንቲ ኣደ ድማ፣ ወያነ ኣብ ኤርትራ ዝነበሮ ሕልሚ ንምፍጻም ዝገበሮ ወራር ብጅግንነት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ፈሺሉ ብሓባር ክዘናግዑ ምብቅዖም ከምዘሐጎሰን ብምግላጽ፣ “ዝኸፈልኩሞ መስዋእቲ ከንቱ ኣይተረፈን ብኣኹም ሕቡናት ኢና ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ኣብ ጎኑኹም ኣለና” ኢለን።

ከም መርኣያ ቀጻሊ ደገፎም ድማ፣ ህዝቢ እቲ ንኡስ ዞባ፣ 26 ሽሕ ናቕፋ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣወፍዩሎም።

ብዘይካዚ ኣብቲ ዕለት ኣቶ ተኽለሃይማኖት ሰቛር ዝተባህሉ ወዲ ቅነ ሓየላ 8400 ናቕፋ ዝዋግኦም ክልተ ከብቲ፣ ኣዴታት ዓዲ ኺላ ድማ ብዘካቲ ብነዋት ዘበርከተኦ፣ 500 ናቕፋ ወፍየን።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ጉጅለ ባህሊ ናይታ ብርጌድ ንዕዱማት ብትልሂት ኣዘናጊዓ።

ኣብቲ መደብ ኣባላት ሰራዊት፣ ካብ ቅነ ሓየላን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ዓድታትን፣ ከምኡውን ካብ ኣስመራ ዝመጹ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ህዝቢ ተሳቲፎም።

******ኣዜኤ******